**ሃገራዊ ሽማግለ**
**ኤርትራውያን ኣሜሪካውያን**
**ዞባ ምብራቕ**

**National Council**
**of Eritrean Americans**
**East**

**ዝኸበርኩም ኤርትራውያን ተሳተፍቲ**
**ዝኸበርኩም ኢትዮጵያውያን ተሳተፍቲ**
**ዝኸበርኩም ፈተውቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን**

*ሎሚ፡ ኣብ'ዚ ታሪኻዊ መዓልቲ ፡ ንሕና ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን፡ በዚ ዓቢ ቁጽሪ'ዚ ድምጽና ንክልቲኡ ህዝብታትና፡ ንመንግስቲ ኣመሪካን ዓለምን ንምስማዕ ተሰሊፍና ኣሎና።*

*ዕላማና፡ ምምሕዳር ባይደን፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝፍጽምዎ ዘለዉ በደል፡ ዝነዝሕዎ ዘለዉ ሓሶት፡ ዝወስድዎ ዘለዉ ግጉይ ስጉምታት ምቅላዕን ምቅዋምን ኢዩ።*

*ጀንዳ ወያነ ንመንግስታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሓይሊ ንምውዳቕ ኲናት ከምዝጀመረን ንትግራይ ናብ ኲናት ከምዝሸመመን ዝፍለጥ ኢዩ። ኢትዮጵያ ድማ ልኡላዊ መሬታን ሕጋዊ ስሮኣታን ንምክልኻልን መሰልን ግዴታን ኣለዋ። እቲ ሓቂ እዚ እናኾነ ግን፡ ምምሕዳር ኣመሪካ፡ ወያነ ብሓላፍነት ተሓታቲ ምዃኑ ብዘየወላውል መገዲ ካብ ምእማን ኣብ ርእሲ ምሕንጋዱ፡ ገበናት ወያነ ክጉልብብን ክሓባእን ጸኒሑ ኣሎ። ብኣንጻሩ፡ ነታ ቀንዲ በዓልቲ ኪዳን ኣመሪካ'ያ እትበሃል ኢትዮጵያ እናኸሰሰ፡ ንኤርትራ ገንሸል መስዋእቲ እናቕረበ፡ ኣብ ልዕሊ ክልቲአን ሃገራት ጸቕጥን ምፍርራሕን ክገብር ምጽንሑ ዝድንጹ ኢዩ። ነዚ ርኡይ ዝርያን ኮር-ተገምጠልን ኣጥቢቕና ንውግዞ።*

*መልእኽትና ንመንግስቲ ኣመሪካ፡ ሓጺርን ንጹርን ኢዩ። ብኽብረትኩም፡ ኣእዳውኩም ካብ ሃገራትና ኣክቡ። ንሕና ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ጉዳያትና ባዕልና ከነካይድ ዓቕሚ ኣሎና። ካብ ነብስና ንላዕሊ ንዓና ክትሓልዩ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ሕቂ ንምዝራብ፡ ትወስድዎ ስጉምትታት ንዓና ሓሊኹም ትወስድዎ ኣይኰነን። ኣብ ሞንጎ ክልቴና ዘሎ ሰላም ባዕልና ኢና ፈጢርናዮ። ስለምንታይ ዳግም ከተገራጭዉና ህርድግ ትብሉ ኣለኹም፤ ስለምንታይ ኣብ መንጎ ሱዳንን ኢትዮጵያን ሓዊ ተሳውሩ ኣለኹም፤ ስለምንታይ ንምትሕብባር ቀርኒ ኣፍሪቃ ዓጢቕኩም ትጻብእዎ ኣለኹም፤*

*ድልየትኩም ሃገራዊ ረብሓ ኣመሪካ ምርግጋጽ እንተዝኸውን፡ ኣብ ክንዲ ምስ ዝተፋነና፡ ብሰላምን ምሕዝነትን ምስ ዝነበራን ዝዓያን ኤርትራን ኢትዮጵያን ምስራሕ ምሓሸኩም። ኣብ ክንዲ ዓውዲ ህውከት፡ ዞባ ሰላምን ምትሕብባርን ምስ ዝኾነ ቀርኒ ኣፍሪቃ ምጽማድ ምበለጸኩም። እቲ ዝዓጠኩም ምቁጽጻርን ዕብለላን ስለዝኾነ ግን ኣይመረጽኩሞን።*

*ሓደ ነገር ከነዘኻኽረኩም ንደሊ። ጉጅለ ወያነ፡ ብዋጋ ህዝቢ ትግራይ፡ ብዋጋ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ብዋጋ ኤርትራን፡ ብዋጋ ሶማልን ንነዊሕ ዓመታት ኣገልጊልኩም ኢዩ። ብቐደሙ'ውን ኣብ ክንዲ ምስኡ ፡ ምስ ህዝብታትና ክትውግኑ ምተገብአ። ሎሚ ድማ፡ ወያነ ባዕሉ ብዝወለዶ ናይ ጥፍኣት ኲናት ተኣልዩ ኢዩ። ንዕኡ እስትንፋስ ንምሃብን ንምምላስን ተካይድዎ ዘለኹም ወፈራ፡ ግጭትን ስቅያትን ንምንዋሕ እንተዘይኰይኑ፡ ንወያነ ኣይከድሕኖን ኢዩ። ዳግም፡ በጃኹም ኣእዳውኩም ኣክቡልና።*

*ኣብ መወዳእታ ሓጺር መዘኻኸሪ ንዓና - ኣብ ኣመሪካ ንእንነብር ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ቀርኒ ኣፍሪቃውያንን፡ ብዙሓት ካባና ዜጋታት ኣመሪካ።*

*ዓቢ ዓቕሚ ኢና እንውንን። ቁጽርና ዝዓጻጽፍ ፖለቲካዊ፡ ውድባዊ ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ሓይሊ ኣሎና። ነዚ ዓቕሚ'ዚ ነበራብሮ'ሞ ንሃገራትናን ዞባናን ክቡር ኣበክቶ ክንገብር ኢና። ኣብ ኣመሪካ'ውን እንተኾነ፡ ድምጽናን ረብሓታትናን ዕሽሽ ዘይብሃል ክኸውን ኢዩ።*

**ዓወት ንኤርትራ !**
**ዓወት ንኢትዮጵያ !**
**ዓወት ንቀርኒ ኣፍሪቃ !**

*ሃገራዊ ሽማግለ-ዞባ ምብራቕ*
**(ዋሽንግተን ዲሲ፡ ሜሪላንድን ቨርጂንያን)**
**10 መጋቢት 2021**

National Council of Eritrean Americans-East (NCEA-East)
2154 24th Pl NE, Washington, D.C. 20018
e-mail: nationalcouncileriamericans@gmail.com